


# ናብ ኖርወይ ምምጻእ

Aamiina

Julie Cornelia van Walsum

Seyum

5

ትግርኛ ti




ኣነን ክልተ ኣሕዋተይን ኣብ ታሕሳስ 2016 ናብ ኖርወይ መጺእና። ኣብ ኖርወይ ከምቲ ናይ ሶማልያ ሃሩር ኣየር እዩ ዝኸውን ኢልና ስለ ዝሓሰብና ናይ ሓጋይ ክዳን ተኸዲንና ነይርና። ይኹን እምበር ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ምስ በጻሕና በረድ ይዘንብ ነበረ። ቆሪርና እዩ ኔሩ ኩነታት ኣየር ውን ቁሪ እዩ ነይሩ። ዋላ እኳ ሒደት ሻንጣታት ሒዝና እንተመጻእና ናይ ሓጋይ ክዳውንቲ ጥራይ ኢና ሒዝና መጺእና።



ዋላ እኳ ቁሪ እንተነበረ ናብ ኖርወይ ምምጻእና ኣዝዩ ተሓጕሰ። ኣብ መወዳእታ ምስታ ንሽዱሽተ ዓመት ዘይረኣኹዋ ኣደይ ዳግማይ ተራኺብኩ። ኣደይ ምስ ክልተ መሓዙታ ኮይና ረኺባትና። ምስ ረኣናያ ብሓጎስ በኸና። ብመኪና ናብታ ኣደይ እትነብረላ ንእሽቶ ከተማ ኬድና።



ኣብታ አደይ ትነብረላ ከተማ ኣብ መጀመርታ መዓልታት ኣዝዩ ንምልማዱ ዝኸብድ ነበረ። ቁሪን በረድን ስለ ዝነበረ ብዙሕ ዝርአ ነገር ኣይነበረን። እቲ ጎደናታት ምሉእ ብምሉእ ባዶ እዩ ነይሩ። እቶም ዝረኸብክዎም ውሑዳት ሰባት ዝሑላትን ናይ ምሕዝነት ባህሪ ዘይብሎምን ይመስሉ ነበሩ። ኣብ ሶማልያ ኣብ ኩሉ ቦታ ሰባት ስለ ዝነበሩ ኣብዚ ኩሉ ነገር ሓድሽ ኮይኑ ተሰሚዑኒ። ኣደይን መሓዙታን ገለ ህያባት ሂቦምና፤ ብድሕሪኡ ድማ ናይ ክረምቲ ክዳውንቲ ክንገዝእ ወሰደትና።



ድሕሪ ናይ ልደት በዓል ኣብ ናይ ዓበይቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ቋንቋ ኖርወይ ትምህርቲ ምውሳድ ጀመርኩ። ኣብ ልሙድ ቤት ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማረይ ንኽልተ ዓመት ኣብኡ ተማሂረ። ሕጂ ኣብ ናይ መወዳእታ ዓመት እየ ዘለኹ። ብዙሓት ሓደስቲ ኣዕሩኽ ድማ ረኺበ ኣለኹ። ኣዝየ ማሕበራዊ ሰብ እየ። ምስ ካልኦት ሰባት ምፍላጥ ድማ ኣዝዩ ደስ ይብለኒ።



ድሕሪ ትምህርቲ ናብ ብዓርሰ ድሌት ዝካየድ ሓደ ማእከል እኸይድ እሞ ኣብኡ ድማ ዕዮ ገዛይ ኣብ ምስራሕ ሓገዝ ይረክብ። ኣብቲ ማእከል ናይ ስፌት ትምህርቲ እውን ይመሃር ኣለኹ።



ኣብ ሶማልያ ብዘይካ ቤት ትምህርቲ ቁርኣን ናብ ካልእ ቤት ትምህርቲ ከይደ ወይ ዝኾነ ትምህርቲ ወሲደ ኣይፈልጥን። ምንባብን ምጽሓፍን ኣይፈልጥን ነይረ። ሕጂ ብቋንቋ ሶማልን ኖርወይን ከምኡ'ውን ካልእ ብዙሕ ትምህርቲ ከመይ ጌርካ ከም እትጽሕፍ ተማሂረ ኣለኹ። ብዘይ ትምህርቲ ሰብ ዘይኮንኩ ኮይኑ ተሰሚዑኒ ነይሩ። ሕጂ ግን ፈላጥን ሕጉስን ኮይኑ ይስምዓኒ።




ኣብ ዝመጽእ ዓመት ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ክፍሊ ጥዕናን ልምዓት መንእሰያትን ክጅምር እየ። ኣብ መጻኢ ምስ መንእሰያት ክሰርሕ ይደሊ። ትምህርተይ ምስ ወዳእኩ ሕልመይ ቀዋሚ ስራሕ ምርካብ እዩ። ከምኡ 'ውን መኪና ምዝዋር ክመሃርን ፍቓድ መዘወሪ መኪና ክረክብን እደሊ።



ኣብ ሶማልያ እንተዝጸንሕ ነይረ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣደ ምኾንኩ ነይረ ይመስለኒ። ምናልባት ብዙሓት ቆልዑ ምወለድኩ ነይረ። ኣብ ሶማልያ እንተዝኸውን ከምዚ ሕጂ ዝረኸብክዎ ዕድላት ኣይምረኸብኩን። ኣብ ኖርወይ ምንባረይ ዕድለኛ እየ።

# LIDA Stories

lidastories.net

## ናብ ኖርወይ ምምጻእ

Aamiina
Julie Cornelia van Walsum
Seyum

CC BY